# ***<u>ህ.ወ.ሓ.ት. ዞባዊ ግብረ-ሽበራዊ ጉጅለ:</u>***

*ኣፍሪቃ ተፎጥራዊ ጸጋታት ዝተዓደለት ክፍለ ዓለም እያ። ህዝባ ጽኑዕ ሃይማኖታዊ እምነት ዘለዎ፡ ኮምኡውን ጽኑዕ ማሕበራዊ ፍቕሪን ሃብታም ባህልታት ዝውንን እዩ። ተፈጥሮ ብዝዓደላ ህያብ ገነት ኣብ ሜረት ተባሂላ እንትተጸውዔት ዝግብኣዩ። ፈሳሲ ማያታ፡ ወሓዚ ፈለጋታት፡ ቅናታዊ ባሕርታታ፡ ለሰይ ለሰይ ጎልጎላታ፡ ማረኽቲ ኣኽራናታ፡ ዝተፋላለዩ እንስሳታት ዘቤትን ዘገዳምን፡ ኣዕዋፉን፡ ክትዕዘብ እንከሎኻ ኣምላኽ ሙሉእ ዘይጉዱል ከም ዝዓደላ ክንግንዘብ ንኽእል። እግዝኣብሄር ኣዳምን ሄዋንን ክፈጥር ከሎ ሙሉእ ዘይጉዱል ሂቡ ኣብ ገነት ክሰፍሩ ከም ዝፈጠሮም ኣብ ቁዱሳን መጻሕፍቲ ነንብቦም ኢና። እንተኾነ ግን ሰይጣን ስለ ዘስሓቶም ኣዳምንን ሄዋንን ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዝወጹ፡ ካብ ሽዑ ጀሚሮም ናብርኦም ከልበትበትን ምስ ጓህን ድኻምን ሓዘንን ስቓይን እናተፋራረቐዎም ክነብሩ ጀመሩ። እዚ ብሰንኪ ኩፉእ ተግባር ዲያብሎስ ዘጋጠሞም መከራ ክኸውን ከሎ፡ ብናይ ሎሚ ዓይንን ኣተራዳጉማን ክንመዝኖን ክንዕዘቦን ከሎና ሰይጣን ግብረሽበራዊ ከም ዝነበረን ዝኾነን ንግንዘብ። ምኽንያቱ ነቶም ብፍቓድ ኣምላኽ ተማእዚዞም ሙሉእ ዘይጉዱል ተዓዲሎም ብሰላም ዝነበሩ ኣዳምን ሄዋን ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ክወጹ ስለ ዝገበሮም።*

*ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቓ እንተመጻእና ድማ ነቲ ብሰላም ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ኣፍሪቃ፡ ብሰንኪ ሰይጣውንቲ ምዕራባውያንን፡ ርኹሳት ኣገልገቶምን ተፈጥሮ ዝዓደሎ ሃብቲ ብሰላም በሊዑ ከይነብር ግደ ባርነትን ኣረሜናዊ ግፍዕታትን ኮይኑ ከም ሰብ ከይተቖጽረ ከም እንስሳ ክሸየጥን ክሕረድን ተገሩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣብ ግዚኡ ዝኸፍኤን ዝጨከነን ግብረሽበራዊ ተግባር ከም ዝነበረ ኣብ ታሪኽ ኣፍሪቃን ዓለምን ተሰኒዱ ይርከብ። ኣብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ብሓያላን ሃገራት ዝተራእየን ዝረኤ ዘሎን ግብረ ሽበራዊ ፍጻሜታት፡ ኮምኡውን ኣብ ሊብያ ብኣሜርካን ሰዓብታን ዝተወሰደ ኣረሜናዊ ስጉምትታት ንህዝቢ ሊብያ ኣብ ምንታይ ኣውዲቑዎ ከም ዘሎ ንኹሉ ደላይ ሰላም ህዝቢ ዓለም የሕዚኑዎ ኣሎ። ጉዳይ የመን ከይረሳዕና።*

*ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቓ ምስ እንመጽእ ካብ ግብረሽበራ ሰይጣን ጀሚርካ ክሳብ ሕጂ ብሓያላን ሃገራት ኣብ ልዕሊ መሳኪን ህዝብታት ዓለም ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎ ሽበራ ዘይፍለ፡ <u>በዛ እሾኽ መርገም ዝኾነት ግብረ ሽበራዊት ጭፍራ ህወሓት ዝፍጸም ዘሎ ዝኸፍኤ ኮይኑ ንረኽቦ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ተጋሩ ግዳይ ኮይኖም ንረኽቦም። ጸልዉኡ ንዞባና ሃሲዩዎ ጸኒሑ።</u> ሰይጣን ነቲ ዝፈጠሮ ኣምላኽ ከጻረር ንኣዳምን ሄዋንን ኣስሒቱዎም። ህወሓት ድማ ነቲ ታተ ኢሉ ዘዕበዮ፡ ዘብልዖን ዘስተዮን፡ ዝኸደኖን ዝሓከሞን፡ ጅግንነት ዝመሃሮን ዘዕጠቖን ህዝባዊ ግንባር ኪሒዱ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ምስ ሃገር ዘምጽኤ ግንባር ከጻልእ ግብረ ሽበራዊ ተግባራት ክሰርሕ ከሎ ካብ ሰይጣን ብምንታይ ይፍለ? ሓይሊ ኣምላኽ ንሰይጣን ብኽፍኣቱ ፈርጅዎ ጽሉእ ኮይኑ፡ ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ድማ ንህወሓት ብጥልመቱን ሽበራዊ ተግባራቱን ፈርጅዎ፡ እዚ ሕጂ "**ህወሓት እማ ረሲዑዎ እዩ! ፐረሲደንት እሰያስ ዝሓለፈ ይረስዑዎቶ**" ዝበሃል ዘሎ ብመሪር ቃንዛ ዝተሰነየ ልመና፡ ንልቢ መን ከረስርስ። ዘኾለሰት ኢድ ካብ ተነኺሰት፡ ዝነኸሰት ኣፍ እንተተማጻደቐት ድሕሪ ምጥራጥ ማዓኮር ምእካብ ከምዝበሃል፡*

*ዘዕበኻዮ ከልቢ ደጊሙ ከይነኽሰካ ሕነቶ እዩ። ጃንዳ ናይ ትማሊ ረሲዓ፡ ንሎሚ ዘንጊዓ፡ ጽባሕ ትወልዶ ዘይትመዝን፡ ጎብለል ኣፍሪቃ እየ ትብል ዝነበረት ግብረ ሽበራዊት ጉጅለ፡ ብእከይ ግብራ ግዜ ተገምጢሉዋ ክወሩኒ ይመጹ ኣለዉ እናበለት ከም ምንካዕ ቁልቁል ኣፉ ተደፊኣ ከይደቀሰት ትሓድር ኣላ።*

*ነቢይ ራኢኡ ዝርድኡ፡ ተግባራቱ ዘድንቑ፡ ምኽሩ ዝሰምዑ፡ ተሞኩሩኡ ዝሰንቁ፡ ሃዋርያት ኣይሰኣነን። ሃዋርያት ሰላምን ፍቕርን፡ ሃዋርያት ለውጥን ምዕባለን፡ ሃዋርያት ሰናይ ጉርብትናን ቅሳነትን።*



## *" ታሪኻዊ ፍጻመ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ኣደ ጽንዓት መዲነት ሳዋ "*

***እዚ ዑደት'ዚ ረዚን መልእክቲ ዘለዎ፡ ንደለይቲ ሰላም ዓወት፡ ንተጻባእቲ ሞት እዩ።***

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ገብረንጉስ መስመር፡*